franklin county

# SENIOR options

## ዓበይቲ ነባሮም ኪኢሎም ክነብሩ ዚሕግዝ መደብ

ኣብ ፍራንክሊን ካውንቲ መደብ ኣማራጺ ንዓበይቲ፡ ዕድሚኦም 60 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊን ንዝኾኑ ዓበይቲ ነበርቲ ፍራንኪሊን ካውንቲ ነብሶም ኪኢሎም ክነብሩ ዘኽእል ምንጪ ሓበረታን መሳለጢን ኢዩ።

**መደብ ኣማራጺ ንዓበይቲ እዞም ዝስዕቡ  ኣገልግሎታት ብነጻ የቕርበልኩም፣**

- ምዝርጋሕ ሓበሬታት
- ምክትታልን ምስላጥን ጉዳያት
- ሓገዛት ኣብ ስራሕ ገዛ
- ምክንኻን ኣካላት
- ተጻሊ ምእላይን ምክንኻንን ንዓበይቲ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ እዋን ሓደጋ ዝውሰዱ ስጉምትታት
- ኣገልግሎት ምቕራብ/ምብጻሕ ምግቢ
- መንዓዚያ ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት
- መውዓሊ ዓበይቲ
- ደቀቕቲ ጽገናታት ገዛ
- ናይ ኣሜሪካ ናይ ዜግነት ትምህርትን ንፈተና ምድላውን

ብዛዕባ መደብ ኣማራጺ ንዓበይቲን ካልእ መደባት ኣብ ፍራንክሊን ካውንቲን ክትሓቱ ምስ እትደልዩ በዚ ዝስዕብ ቑጽሪ ደውሉ፡ ብቋንቋኹም ተራዳዲኦም ጉዳይኩም ዘሳልጡ ሰብ ሞያ ተዳልዮምልኩም ኣለዉ።


**Franklin County Office on Aging**

Monday - Friday 9 a.m. - 4:30 p.m.

Thursday 9 a.m. - 7 p.m.

www.officeonaging.org

**(614) 525-6200**

# ኣገልግሎት መደብ ንዓበይቲ

**ምዝርጋሕ ሓበሬታ፡** ብዛዕባ ኮማዊ-ሰረት ዘለዎም ኣገልግሎታት ንዓበይቲ ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ይዝርግሕ።

**ምክትታልን ምስላጥን ጉዳያት፡** ዓበይቲ ንዝሓቱዎምን ዝደልዩዎምን ኣገልግሎታት ብግቡእን ብጽፉፍን ምትግባሮም ይከታተልን የረጋግጽን።

**ሓገዛት ኣብ ስራሕ ገዛ፡** ንዓበይቲ ናይ ፎኮስቲ ምጽርራይ ገዛን ምሕጻብ ክዳውንትን ኣገልግሎት ብምሃብ ኣብ ዝጸረየን ዝሓሸን ኩነታት ንኽነብሩ ይሕግዝ።

**ምክንኻን ኣካላት፡** ንዓበይቲ ናይ ምክንኻን ኣካላት ከም ብዓል ምልጻይ ጭሕሚ፣ ምቕምቓም ጸጉሪ ወ.ዘ.ተ ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ይህብ።

**ተጻሊ ምእላይን ምክንኻንን ንዓበይቲ፡** ስልጠና ዝወሰዱ ንዓበይቲ ዝህቡዎ ተጻሊ ምእላይን ምክንኻንን ኢዩ። እዚ ድማ ዓበይቲ ብዘይ ስግኣት ንኽነብሩ ይሕግዝ። ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ ድማ ናይ 24 ሰዓት ምክትታል ይግበረሎም።

**ሓበረታ ብዛዕባ ኣብ እዋን ሓደጋ ዝውሰዱ ስጉምትታት፣** ድሕነት ዓበይቲ ኣብ ገዝኦም ንምርግጋጽን ዓበይቲ ኣብ እዋን ሓደጋ ተኻላኺልቲ ሓደጋ ንምጽዋዕን ኤለትሮኒካዊ መራኸቢታት ክህልዎም ምሕጋዝ።

**ኣገልግሎት ምቕራብ/ምብጻሕ ምግቢ፣** ዓበይቲ ኣድለይቲ ናይ ምግቢ መኣዛታት ክረኽቡ ዘኽእል ዝተመጣጠነ መግቢ ምቕራብ።

**መጓዓዝያ ናብ ሕክምባዊ ኣገልግሎት፡** መጓዓዝያ ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ምቕራብ፡ ናይ ተንቃሳቃሲ መምበር ምጉዓዝ ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ንተጓዓዚ ሓደ ሰብ ክሰንዮ ይኽእል።

**መውዓሊ ዕበይቲ፡** ሰንክልና፡ ናይ ምንቕስቓስ ጸገማትን ዘለዎም ዓበይቲ ንክውዕሉሉ ብዝጥዕም መንገዲ ዝተሰርሐ ኮይኑ፣ ኮማዊ-ሰረት ዘለዎ መደብ ኢዩ። እዚ መደብ እዚ ጥዕናዊ ኣገልግሎት፡ ምክንኻን ኣካላት፡ ምግቢን የጠቓልል።

**ደቅቕቲ ጽገናታት ገዛ፡** ድሕነት ዓበይቲ ንምርግጋጽ ዝተፈላለዩ ደቀቕቲ ጽገናታት ገዛ ይግበረሎም።

**ንዜግነት ትምህርቲ፣** ናይ ኣሜሪካ ዜግነት ክረኽቡ ንዝደልዩ ዓበይቲ ምስ ኢሚግረሽን ጠበቓ ብምትሕብባር ንክረኽቡ ምስላጥን ናይ ዜግነት ትምህርቲ ብምሃብ ንፈተና ብምድላው ዜግነት ንኽረኽቡ ምሕጋዝ።